



**Tigrinja/ትግርኛ**
**ንኹሎም ወለዲ ካብ 1ይ-7ይ ክፍሊ**

## ሶመርለስ (ንባብ ክረምቲ) - ምኽንያቱ ኣብ ክረምቲ ምንባብ ደስታን ኣገዳስን ስለድኾነ!

## ሶመርለስ (Sommerles.no) እንታይ ኢዩ?

- ሶመርለስ (Sommerles.no) ማለት ነቶም ካብ 1ይ-7ይ ክፍሊ ደለዉ ቆልዑ ዝኸውን፡ ብቤት ንባባት ዝተዳለወ ኀስዓስ ንባብ ኢዩ።
- ሶመርለስ (Sommerles.no) ብነጻን፡ ክትሳተፎ ከኣ ብጣዕሚ ባህታ ድፈጥርን ኢዩ!
- ሶመርለስ (Sommerles.no) ኣብ ሓደ (1) ሰነ ጀሚሩ ኣብ መበል 31 ነሃሰ ከኣ ይዓጹ።
- **ሶመርለስ (Sommerles.no) ንኹሉ ኮይኑ** ነቶም ንፉዓት ኣንበብቲ፣ ማእከላይ ኣንበብቲ ወይ ነቶም ቁሩብ ሓገዝ ናይ ምንባብ ዘድልዮም ከኣ ይሕግዝ።
- ቆልዑ መጽሓፍ የንብቡ፣ ኣብ ሶመርለስ (Sommerles.no) የመዝግብዎ፣ ናይቲ ደንበብዎ ከኣ ነጥቢ ይወሃቦም።
- ብፍሉይ ድተጻሕፈ ኮይኑ ኣብ ሶመርለስ (Sommerles.no) ጥራይ ክንበብ ድኽእል ዛንታ ሶመርለስ'ውን ከንብቡ ይኽእሉ።
- ኣብ መርበብ ሶመርለስ፡ ቆልዑ ዕዮታት ክሰርሑን መሓዙቶም እንታይ የንብቡ ከምደለዉ ክሪኡን ይኽእሉ።
- ድኣክል እንተደኣ ኣንቢቦም ካብ'ቲ ቤት ንባብ ጽቡቓት ሽልማት ክረኽቡ ይኽእሉ።
- እቶም ቆልዑ ብቋንቋ ኣዲኦም ወይ ብኖርወጂኛ ከንብቡ ይኽእሉ። ነቶም ቆልዑ እንተደኣ ኣንቢብኩምሎም እውን ሽልማት ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም (ብሓንሳብ ምንባብ ብጣዕሚ ጽቡቕ ኢዩ)።
- ነቶም ናይ ድምጺ መጻሕፍቲ ብምስማዕ'ውን ነጥቢ ክርከብ ይከኣል።







## ውላደይ ብኸመይ ክሳተፍ ይኽእል?

- ኣብዚ ንምስታፍ ምስ ውላድካ ብሓንሳብ ብሙኚን ኣብ https://sommerles.no ነቲ ቆልዓ ዝኸውን መለለዪ ኣድራሻ  (profil) ስርሑ።
- ሓገዝ እንተኣድልዩ እቲ ቤት ንባብ ክሕግዝ ይኽእል ኢዩ።
- እቲ ቆልዓ ንኽሳተፍ ብናይ ኣቦ ወይ ኣደ ኢ-ሜይል ኣድራሻ ክምዝገብ ኣለዎ።

## ስለምንታይ ኢዩ ኣብ ሶመርለስ ምስታፍ ኣገዳሲ?

- ንፉዕ ኣንባቢ ሙኚን፡ ኣብ ትምህርቲ ኣብ ዝወሃብ ካልእ ዓይነታት ትምህርቲ፡ ዝበለጸ ውጽኢት ንምምጻእ መፍትሕ ኢዩ።
- መጽናዕቲታት ከምዘርእዮ ኣብ ግዜ ክረምቲ ደየምብቡ ቆልዑ ትምህርቲ እንደገና ክኽፈት እንከሎ ካብ'ቶም ደንብቡ ብጣዕሚ ድሓመቐ የንብቡ።
- ኣብ ሶመርለስ ምንባብ ደስታ ኢዩ ዝፈጥር።

